# ከመይ ዘይከውን?

- 5ይ ክፋል -

*''ሕሉፍ ኣተሓሳስባናን ተግባርናን ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣብጺሑና ኣሎ። እወንታኡን ኣሉታኡን ከኣ እነሆ ኣብ ቅድሚና። ሎሚ እንሓስቦን እንትግብሮን ድማ ናብ መጻኢ ከሰጋግረና'ዩ!!!!''*

*ሓምለ 9 2011*

ተቓውሞና ንፍትሕን ዲሞክራሲን ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ። ስለዚ፡ ቃልሲ ንፍትሕን ዲሞክራሲን ኤርትራ ድማ መስርሕ ንሃገራዊ ፍታሕ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ፡ ግዝኣተ-ሕጊ የለን፣ ቅዋም ሃገር የለን፣ መባእታዊ ዲሞክራሲ መሰል'ውን የለን። ዕላማ ቃልሲ ተቓውሞ እምበኣር በሰበብ ዘይህለወ ናይ'ዚ ሃገር ኣብ ምህናጽ እምነ-ክርናዕ ዝኾነ ኣገባብ ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ዓመጻት ንምልጋስ ኢዩ። ካብ ኮነ፡ ቃልሲ ተቓውሞ፡ ብመትከል ይኹን ብዕላማ ንገዛእ ርእሱ ፍታሕን መስርሕ ፍታሕን ጥራሕ'ዩ ክኸውን ዘለዎ።

ኣብ'ዚ ገለጻ'ዚ፡ ሓደ መሰረታዊ ሕቶ ክልዓል ይከኣል። ተቓውሞ ቃልሲ ኤርትራ ከመይ ዝበለ'ዩ? ወይ ደንበ ተቓውሞ፡ ብመትከል ይኹን ብዕላማ ንገዛእ ርእሱ ፍታሕን መስርሕ ፍታሕን ድዩ? . . ሃገራዊ ስትራተጂ ብንጹር ዘየቐመጠ፡ ንሰፊሕ ተቓዋማይ ህዝቢ ኣብ ዝሓለፈ ዕስራ ዓመታት ክጥርንፍ ዘይከኣለ፡ ናይ ገዛእ-ርእሱ ንጹር ሃገራዊ ፖለቲካዊ መንነት ዘይወነነ ተቓውሞ፡ ከመይ ኢልና ``ንገዛእ ርእሱ ፍታሕን መስርሕ ፍታሕን`` ክንብሎ ንኽእል? ደንበ ተቓውሞ፡ ብፍላይ ድማ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ እታ ሓንቲ ኣብ ሓድሕዱ ኣታኣሳሲራቶ ዘላ ቀጣን ፈትሊ፡ ጸረ ስርዓት ኢሳያስ (ህግደፍ) ምዃን ጥራሕ'ያ። ድሕሪኡ'ኸ?

ሕጂ ኣብ መሰረታዊ መትከላት ናይ ፍትሕን ዲሞክራሲን ክሰማምዑ ዘይከኣሉ፡ ጽባሕ ክሰማምዑ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ክሕሰብ የሸግር። ገሊኦም ኣብ ሃይማኖት፡ ገሊኦም ኣብ ወገን (መበቆልን ዓድን ናይ ኣባላት መሪሕነት ናይ ብዙሓት መራሕቲ ውድባት ተመልከቱ)፡ ገሊኦም ናይ ብሄር፡ እምነትን ኣወዳድባን ዘለዎም እዮም። በዚ ኣተዓቓቕና'ዚ፡ ንርእሳ ነታ ሓደነታዊት ሃገር ኣብ ምዕቋብ ዘለዎም ኣቕዋም'ውን ዘሰከፉ ኮይኖም ይርከቡ።

ከም ጭርሖ ፍቶታዊ ሓደነት ኣብ ደንበ ተቓውሞ ብሰፊሑ ይልዓል ኢዩ። እወ፡ ብሓደ ሸነኽ ንፍቶታዊ ሓደነት ዝቃወም፡ በቲ ካልእ ድማ ኣብ ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ዝኣምን ኣይህሉን፣ ዘይቃዶ መርገጽ ስለዝኾነ። ብሓይሊ ጨፍሊቕካ ጨፋሊቕካ ሓደነታዊት ሃገር ክትሰርሕ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሓይልን ምፍርራሓን ምዝውታር ማለት ድማ ብትሕዝትኡ ኮነ ብዓይነቱ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝፈልዮ ትሕዝቶ ኣይህልዎን። መቸም ህግደፍ ኣይከኣለን። ካልእ፡ ካብ ሰማይ ይምጻእ ካብ ባሕሪ'ውን ኣይከእልን። ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን፡ ካብ ህግደፍ ብመትከልን ብተግባርን ተፈልዩ ብምሉእ ዕግበት ንፍቶታዊ ሓደነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘሳላስል ጽኑዕ ሃገራዊ መትከል ተኸቲሉ ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ ክርእዮ ዘለኒ ባህጊ ወሰን የብሉን፣ ክሳብ ሕጂ ግን ኣይራኣኽዎን።

ፍቶታዊ ሓደነት ህዝቢ ኤርትራ ብውደባዊ(ስርርዕ) ቃልሲ ናይ- ብሄር፡ ብሃይማኖት፡ ወይስ ብኣውራጃዊ ኢዩ ዝረጋገጽ ዝብል ፖለቲካዊ እምነት ዘለዎም ኣለዉ። ልክዕ እምነቶም ኢዩ። ኣብ'ዚ እምነት'ዚ ከመይ ኢሎም ከምዝበጽሑ ግን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ታሪኽ ኣሰር ከርእዩና ኣይከኣሉን። ኣይከኣሉን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እዚ እምነት'ዚ ኤርትራዊ'ዩ ወይ ኣብ ባይታ ኤርትራ ዘሎ ውዕዉዕ ሕቶ'ዩ ክብሃል ዝከኣል ኣይኮነን።

ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም`ቲ ፍሉጥ ቅድሙ ይኹን ዳሕራዩ፡ ታሪኽ ናይ ባዕዳዊ ወረራን መኸትኡን ኢዩ። ዘቤታዊ ወይ ሓደ ብሄር ኣብ ልዕሊ ካልእ ብሄር ቅሉዕን ውዱብ ወረራን ነይሩ ወይ ተፈጺሙ ክብሃል የጸግም። ንሰበኽ ሳግማዊ ባህርያዊ መነባብሮ ህዝብና ዘንጸባርቕ፡ ኣብ ገለ ቦታት ናይ ኤርትራ ዝተፈጸ ብድፉኑ የለን ክብሃል ግን ኣይክኣልን ይኸውን።

እንተኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብጠቕላላ፡ ብሓባር ኣንጻር ባዕዳዊ ወረራታት ብሓንሳብ ኮይኑ ዝመከቶ ድሙቕ ኣብነታት ኣሎ። ኣብ ብረታዊ ተጋድሎና ጸረ ባዕዳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ መኪቱ። ብሓባር ንባዕዳዊ መግዛእቲ ነጺጊ ኣብ ሓደ ግንባር ስለዝኸተተ ኢዩ ድማ ንሃገራዊ ነጻነት ኤርትራ ክዉን ዝገበረ። እወ፡ ምርግጋጽ ኤትራውነት መስርሕ ስለዝኾነ፡ ኣብ ዕሸላዊ ደረጃ እኳ ይሃሉ እምበር፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነትስ ህያው ኮይኑ ኢዩ።

ኤርትራውነት፡ ንኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ዝጠምር ስነ-ኣእምራውን ስምዒታውን ማሕበራውን ጭቡጥነት ስለዝኾነ፡ ዝና ጅግንነታዊ(ሓረበኛዊ) ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝክረ ሰዉኣት፡ ናይ ሓባር ስቓይን ጭቆናን፡ ንትርግታ ልቢ ናይ ኩሎም ኤርትራውያን ዘንጸባርቕ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዕዉት ክገብር ዝኽእል መርሓ፡ ስሙር ሓደነታዊ ሃገር ወይ ሲቪክ ሃገራውነት እምበር ሃይማኖታዊ ወይ ኢትኒካዊ መርሓ ከምዘይኮነ የመስክረልና። ስለዚ ኣብ ኤርትራ ኢትኒካዊ/ብሄራዊ ፡ ሃይማኖታውን፡ ኣውራጃውን ፖለቲካ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ``ሓመድ ልቓሕ`` ጥራሕ ኢዩ።

ህግደፍ፡ ሃገር ኣብ ምህናጽ በይኑ ክዕወት ፈቲኑ። ፈሺሉ። ተቓውሞ ውድባት ነንሕድሕደን ክገጻጸባ መሬት ይዓርበን ኣሎ። ድልዱል ሃገራዊ ናይ ተቓውሞ ሓይሊ ኣይፈጠራን። ብመዕቀኒ ናይ`ቲ ኣብ ቃልሲ ዘይነጥፍ ዘሎ ዝበዝሐ ህዝቢ ፈሺለን። ኣገባብ ኣካያይደአን ተቐባልነት ስኢኑ። ጌጋአን ክእርማ ኣይመረጻን። ካብ ሓደ ዓቢ ጌጋ ናብ ዝኸፍአን ሓደገኛን ጌጋታት ብናህሪ ይኸዳ ኣለዋ፣ ዓገብ።

እንተኾነ፡ ቃልሲ ተቓውሞ (ወጻኢ ካብ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን) ሓዱሽ ሂወትን መንፈስን እናዘርአ ክዕምብብ ይረአ ኣሎ። እንተኾነ እዚ`ውን፡ ኣብ ሓድሕዱ መራኸቢ ድንድል ኣይሰርሐን ኣሎ። እንተዘይሰሪሑ፡ ከም`ቶም ቀዳሞት ፍሽለቱ ክሕንገጥ`ዩ። ስለዚ፡ ንኣካዋውና ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ፡ ኤርትራውነት ማእከሉ ዝገበረ፡ ንልዑላውነት ኤርትራ፡ ኣሕሊፉ ዘይህብ፡ ንምፍንፋንን ምንጽጻግን ወጊድ ዝበለ፡ ናይ ሓባር ኣሰራርሓ ከም ባህልን ቅኑዕ መርሆን ዝቐበል፡ ንኣቕልቦ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝነብር ህዝብና ዘበራብር፡ ናይ ቃልሲ መደብ ስራሕን ሒዙ ናብ ህዝቢ ክቐርብ ይጽዋዕ።

ይቕጽል. . .

ጸጋይ ነጋሽ